# <u>ስዉእ ተጋደላይ ኢዮብ ብስራት ኣብ ልብና ንዘልኣለም ክነብር'ዩ!!</u>

ኣብ ቤት ጽሕፈት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዕለት 10 ጥሪ 2010 ንዝኽሪ ስዉእ ኢዮብ ብስራት ናይ ሓዘን መግለጺ ስነ-ስርዓት ተኻይዱ። ኣብቲ ናይ ሓዘን ስነስርዓት፡ ኣቦመንበርን ኣባላት ፈጻሚ ኣካልን ማእከላይ ባይቶን ግሃድኤ፡ ኣቦመንበርን ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ኣባላት ደሃይ ኤርትራን ተሳትፎምዎ።



ጅግና ስዉእ ኢዮብ ብስራት


ኣሕመድ መሓመድ ናስርን ገብረሚካኤል ኣስካለን

ብጻይ ገብረሚካኤል ኣስካለ፡ ብሽም ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን ተጋደልትን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ናይ ሓዘን ቃል ኣንቢቡ።





ክፋል ተሳተፍቲ

ብጻይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ብጻይ ተወልደ ገብረ ስላሴ ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብጾት መሓመድ ዓሊ ኢብራሂምን መሓመድ ሰፋርን ኣባላት ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብጻይ ሓጅ እብራሂም ኣቡበከር ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ካብ ገድላዊ ተምኩሮታት ስዉእ ኢዮብ ተዘክሮታት ገልጾም።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ
10 ጥሪ 2010